# ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 13
ሐምሌ 2020

ሰብ ኣብ ብራንዳ ብፈሓም ግሪል ክገብር የብሉን። ቅድሚ ግሪል ምግባርካ ንጎረባብትኻ ሕተት። ብሰንኪ ትኪ ምቹእ ኣይኮነን።
ኣብ ክንድኡ ናይ ኤለክትሪክ ወይ ናይ ጋዞል ግሪል ተጠቐም። ምስ ወላዕካ ካብ ግሪል ኣይትርሓቕ።

**ዓበይቲ ባርዓት ኣብ ሸወደን**
ኣዉራጃ ካልማር  ብዙሕ ጫካ ኣለዎ።ኣብ'ዚ ክባራዕ እንተጀሚሩ  ብቐሊል ክላባዕ ይኽእል'ዩ።
ኣብ 2018 ኣብ'ዚ ብዙሕ ጫካ ተቓጺሉ'ዩ። አብ'ቲ ዓመት ኣብ ብዙሕ ካልእ ቦታታት ናይ'ዚ ሃገር ተቓጺሉ'ዩ። ሰባት ከኣ ከምዝግዕዙ ተጌሩ።
ኣብ 2014 ዓበይቲ ባርዓት ኣብ ኣውራጃ ቬስትማንላንድ ኔሩ'ዩ።ብሚልዮናት ኩረነር  ዝግመት ኣግራብ ተቓጺሉ። ሰባትን እንስሳታትን ንኽሙቱ ኣብ ሓደጋ'ዮም ኔሮም። ሰራሕተኛታት መጥፋእቲ ሓዊ ኣውራጃ ካልማር ንኽሕግዙ ምስ መካይኖም ከይዶም'ዮም። ኣሽሓት ወለንታውያን'ውን ተሓጋጊዞም።

**ኣብ ገዛ ተሕልፎ ዓመታዊ ዕረፍቲ ክህልወካ ድዩ?**

"Hemester"(ኣብ ገዛ ተሕልፎ ዓመታዊ ዕረፍቲ) ዝብል ቃል ሰሚዕካ ትፈልጥ'ዶ? "Semester" (ዓመታዊ ዕረፍቲ) ዝብል ቃል ምስ "Hemma"(ገዛ) ዝብል ቃል ዝተሓወሰ'ዩ።

ዝተሰነዐ ቃል እዩ: ትርጉሙ ግን ሰብ ዓመታዊ ዕረፍቱ ኣብ ገዛ ከሕልፎ ከሎ ማለት'ዩ። ሎሚ ዓመት ብዙሓት ኣብ ገዛ ዝሓልፍ ዓመታዊ ዕረፍቲ መሪጾም ኣለዉ።

Krissamverkan Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ካብ ጨንፈር ምውህሃድ ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ዝወጸ'ዩ። እዚ ዞባ ቁኑዕ ሓበሬታ ክበካ ይደሊ።
ኣብ'ዚ ክረምቲ "ሓዱሽ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮና" አብ ከክልተ ሰሙን እዩ ክወጽእ። ገለ ዓቢይ ነገር እንተፈጢሩ ቀቀልጢፉ ክወጽእ'ዩ።

VÄSTERVIKS KOMMUN

facebook.com/krissamverkan.kalmar
facebook.com/vastervikskommun